# ሓላዊ መልአኽ

## ንባባት፡ ዘፀ 23፡20-23፥ መዝ. 90፥ ማቴ 18፡1-5-10።

ቤተ ክርስትያን ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብዕሊ ሓላዊ መልአኽ አለዎ ኢላ አይአወጀትን፥ ግን ብዙሓት መማህራን ትምህርቲ መለኮት ዝተጠምቁ ጥራሕ ዘይኮነ ነፍሲወከፍ ሰብ ወላ ዘይተጠምቁ ካብ ጊዜ ልደቶም ናይ ገዛእ ርእሶም ሓላዊ መልአኽ አለዎም። እዚ አብ ትምህርቲ ጎ.ኢ.ክ. አብ ማቴ 18፡10 ዝተመስረተ እዩ፥ መላእኽቶም አብ ሰማያት ኵሉ ሳዕ ገጽ እቲ አብ ሰማያት ዘሎ አቦይ ይርእዩ አለዉ እሞ ካብዞም ናእሽቱ ንሓደ እኳ ኸይትንዕቁ ተጠንቀቑ ይብል። አብ ግ.ሓ. 12፡ 15 ጴጥሮስ ካብ ቤት ማእሰርቲ ወጺኡ ምስ መጽአም "መልአኹ እዩ ዝኸውን በሉ"። ቅ. ባስልዮስ ነቲ አብ ማቴ 18፡10 እናጠቐሰ ነፍሲ ወከፍ ካብ አመንቲ አብ ጎኑ ደው ዝብል መልአኽ ከም መሃርን መራሕን ሕይወቱ ዝመርሐ አለዎ ይብል። ቅ. ጊዮርጊስ ገባሬ ተአምርን ቅ. ጂሮም ከምዝብልዎ "ነፍሲ ወከፍ ሰብ ካብታ ዝውለደላ ዕለት ጀሚሩ ሓላዊ መልአኽ አለዎ" ይብሉ። ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ሓላዊ መልአኽ አለዎ ዝብል አብ ሓሳብ ቤተ ክርስትያን ዘሎ እዩ። ካብ ላቲናዊ ስርዓት ዝተወስደ አብ ንጋሆን ምሸትን ጸሎት ናብ ሓላዊና መልአኽ ዝብል ጽቡቕ ጸሎት ብልምዲ ንደግም።

አብ ካልኦት እምነታት ካብ ክርስትና ወጻኢ ሓላው መልአኽ ዝብል ዳርጋ ፍሉጥ ዝውቱር እዩ። ንአብነት ባቢሎናውያን አሲርያውያን ክንጠቅስ ንኽእል። አይሁድ ብስዕረትን ብባርነትን አብ ዓዲ ኳና ምስ ተሰዱ ካብቶም ገዛእቶም ነዚ ርድኢት ብዝያዳ አማዕቢሎሞ።

ቅዱስ መጽሓፍን፥ አብ ታሪኽ ዘየቋረጸ ትውፊት ቤተ ክርስትያን ክልተ ዓበይቲ መነንት ብሓፈሻ ብዛዕባ መላእክቲ ዝገልጽ ነገራት ንረክብ። መጀመርያ መላእኽቲ አብ ቅድሚ እግዚአብሔር ዝቖሙ ፍጡራት እዮም (ራእ 8፡2)። ተፈጥርኦም ባህሪኦም ብምልኡ አብ እግዚአብሔር ዝጠመተ እዩ። ቅዱስ መጽሓፍ ክልቲኡ ሓዲስን ብሉይን ኪዳን አብ ብዙሕ ክፍልታቱ ብዛዕባ መላእኽቲ ምስ አምላኽ ዝቐረበ ርክብ ከምዘለዎም ይነግረና። ካልአይ መንነት መላእኽቲ ልኡኻት አምላኽ እዮም፥ ንአምላኽ አብ ሰባት የምጽእዎ ንሰብ ከአ ናብ አምላኽ የብጽሕዎ። አብ ወንጌል ዮሓንስ ከም ዝምስክሮ ንሓቂ አብ ምድሪ የምጽእዋ።

አብ ብሉይ ኪዳን እቶም ንእግዚአብሔር ዝፈርሑ ሰባት (መዝ. 33፡8፥ 90፡11) እግዚአብሔር ብመልአኹ ገሩ ከም ዝሕግዞም ንርኢ። ገለ ክንጠቅስ እንተ አድለየ (ሃጋር አብ ዘፍ 16፡7፥ 21፡ 17፥ አብርሃም ዘፍ 18፡22፥ 22፡11፥ ሎጥ ዘፍ 19፡1-23፥ ያዕቆብ ዘፍ 28፡12፥ ኤልያስ 1ዘነገስት 19፡5፥ ዳንኤል 6፡22) ንመልከት።

ህዝበ እስራኤ ካብ ምድሪ ግብጺ ክወጹ እንከለዉ ብመልአኹ ገሩ ይመርሖም ነሩ (ዘጽ 23፡20፥ 33፡2፥ ዘኍልቅ 20፡16)። እስራኤላውያን ንአሶራውያን አብ ዝሰዓሩሉ ብመልእኽቲ ተሓጊዞም ከም ዝሰዓሩ ነንብብ (2ዘነ 19፡35)። አብ ብሉይ ኪዳን እምብአር እግዚአብሔር አብ ታሪኽ ደቂ ሰብ አብ ዝተፈላለየ እዋናት ብመላእኽቱ ድለቱ ከምዝገልጽ ንርኢ።

አብ ብሉይ ኪዳን ሓላውቲ መላእኽት ዝብል እውን ንረክብ። ገለ ከም አብነት ክንጠቅስ፥ መልአኽ ንሎጥ ቅድሚ ምዕናው ሰዶምን ጎመራን መልአኽ መሪሕዎ ወጺኡ፥ አብ ጊዜ ጽአት ካብ ግብጺ እግዚአብሔር መልአኹ ክመርሖም ከምዝሰድድ ንሙሴ ከምዚ ኢልዎ አብ መገዲ ክሕልወካ ናብቲ ዘዳለኽዎ ቦታ ድማ ኼእትወካ እንሆ አነ መልአኽ ቀቅድሜኻ እልእኽ አሎኹ፥ አብ ቅድሚኡ ተጠንቀቕ ድምፁ ኸአ ስማዕ፥ እምቢ አይትበሎ፥ ስመይ አብኡ ተሰምዩ እዩ እሞ

በደልካ ኣይኪኃድገልካን እዩ (ዘፀ 23፡20-21) በሎ። ሩፋኤል መልኣኽ ንጦቢት መርሒዎ ከምኡ ነብኡ ካብ ዑረቱ ከምዘሕወዮ ነንብብ።

ኣብ መዝ. 91፡11 ኣብ እትኸዶ ኹሉ ኺሕልዉኻ እግዚኣብሔር ንመላእኽቱ ኺእዝዘልካ እዩ ይብል። እዚ ኣብ ወንጌል ሰይጣን ንኢየሱስ ክፍትኖ እንከሎ ዝበሎ ንረክብ። ኣብ መጽሓፍ ዳኒኤል 10 መላእኽቲ ንፍሉይ ኣውራጃ ወይ ክፍሊ ሃገር ክሕልዉ ዝተመዘዙ እዮም። ኣብ ብሉይ ኪዳን ብንጹር መላእኽቲ ኣምላኽ ብዛዕብኦም ይንገር ንሶም ከም ልኡኻት ንድላይ ኣምላኽ ሓለዋ ህዝቢ ከይተረፈ ዝፍጽሙ እዮም።

መላእኽቲ ረቀቕቲ ፍጥረት እምበር ግዙፍ ሥጋ ዝሓዙ ከምዘይኮኑ ሓደ ካብቲ እምነትና ዝገልጾ እዩ። (መዝ 9፡11፥ ማቴ 18፡10)። ኣብ ብሉይ ኪዳን ንመላእኽቲ ዝርኢ ብብዝሒ ተጠቒሱ ንረክብ። ኣብ ሓዲስ ኪዳን ኣብ ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ መላእኽቲ ብሓቂ ህልዋት ከም ዝኾኑን ኣብ ሕይወትና ብቐጻሊ ከም ዝሕግዙን ይነግር። ኣብ ሓዲስ ትምህርቲ ክርስቶስ ከም እንረኽቦ ካብ ጥንቲ ኣብ ትውፊት ቤተ ክርስትያን ከምዘሎን ዝነበርን ንርኢ (ሓ.ት.ክ. 328-36)። ኣብ እምነት ኣይሁድ ካብ ጥንቲ ኣብ ህላዌ መላእኽቲ ከም ዝኣምኑ ንርኢ (ሰዱቓውያን ዝብሃሉ ጥራሕ ኣይኣምኑን ነሮም ግ.ሓ 23፡8)። ኣብ ጎላዌ ረቀቕቲ ፍጥረት፥ ግዙፍ ነገራት ዘይ ኮኑ ቅ. መጽሓፍ ብዙሕ ጊዜ መላእኽቲ ዝብሎም እምብኣር ሓቂ እምነት እዩ።

ኣብ ሓዲስ ኪዳን ኣብ ኣገዲስቲ ኣጋጣሚታት መላእኽቲ ተጠቒሶም ንረኽቦም። ንማርያም ንዮሴፍ ነቶም ጓሶት ክዛረብዎምን መልእኽቲ ኣምላኽ ክገልጹሎም ንርኢ፥ ኢየሱስ ኣብ በረኻ ብሰይጣን ክፍተን እንከሎ መላእኽቲ የገልግልዎ ነሮም፥ ኣብ ጌተሰማኒ ኣብ ጊዜ ስቓያቱ መልኣኽ የሰንዮ ነሩ፥ ኣብ ልዕሊ መቓብር ዝተንሥኤ ክርስቶስ መላእኽቲ ተራእዮም፥ ንጴጥሮንስ ጳውሎስን መልኣኽ ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣውጺእዎም። ኣብ ሓዲስ ኪዳን ብሓፈሻ ክንርእዮ ከሎና ልክዕ ከም ኣብ ብሉይ ኪዳን ንድላይ እግዚኣብሔር ክልኣኹ ንሰብ ብፍሉይ ብፍላይ ኣብቲ ሰብ ብዓቕሙ ኽገብሮ ወይ ክርድኦ ዘይክእል ክሕግዙ ኢና እንርእዮም።

ነዚ ኹሉ ዝበልናዮ መሰረት ገርና ክንርእዮ ከሎና እምብኣር መልኣኽ ዝብል ክንገልጽ እንተ ኾና፥ መልኣኽ ቃል ንቓሉ ልኡኽ ማለት እዩ። መላእኽቲ እንብሎም እምብኣር ረቀቕቲ ፍጥረት ብእግዚኣብሔር ዝተፈጥሩ እዮም። ንድላይ እግዚኣብሔር ዝልኣኹ እዮም። ኣብ ገለ እዋናት እዚ መልኣኽ ዝብል ንደቂ ሰብ ኣብ ተራ ልኡኽ ዝጻወቱ እውን የስምዕዩ ኣብ ኢሳ 18፡2፥ 33፡7 እንተ ረኤና ንደቂ ሰብ ከስምዕ ንረኽቦ።

ቅዱስ ኣጎስጢኖስ ብዛዕባ ባህርይ መላእኽቲ ክገልጽ እንከሎ መልኣኽ ዝብል ስርሖም እዩ ዝገልጽ እምበር ባህሪኦም ኣይኮነን ዝገልጽ ይብል። ሽም ናይ ባህሪኦም ዝገልጽ እንተ ደለኻ ንሳቶም መንፈስ ረቀቕቲ ፍጥረት እዮም፥ ስርሖም ክትፈልጥ እንተ ደለኻ ሽኣ ልኡኻት እዮም ይብል።

ሓ/ት/ክ ቍ 329-330 ዘሎ እንተ ረኣና ነዚ ናይ ቅ. ኣጎስጢኖስ ትምህርቲ መሰረት ገሩ ከምዚ ይብል መልኣኽ ዝብል ስም ተልእኮኦም እምበር ባሕሪኦም ዚገልጽ ኣይ ኮነን። ንባሕሪኦም ዚርኢ ስም እንተ ደሊኻ መንፈስ እዩ፥ ናይ ተልእኮኦም (ስርሖም) መግለጺ እንተ ደሊኻ ከኣ መልኣኽ። ስለዚ ካብቲ እንታይነቶም (መንነቶም) መንፈስ ካብቲ ተግባራቶም (ተልእኮኦም) ከኣ መልኣኽ ዚብል ትረክብ። መላእኽቲ ብኹሉ ህላዌኦም ናይ እግዚኣብሔር ኣገልገልትን ተለኣኽትን እዮም። ኩልሳዕ ገጽ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ይርእዩ ስለ ዝኾኑ ንሳቶም ንቓሉ ዚሰምዑ ንትእዛዙ ዚፍጽሙ ኃያላትን ብርቱዓትን እዮም (ቍ 329)።

መላእኽቲ ፍጹም መንፈሳውያን (ረቀቕቲ) ፍጡራን ኮይኖም ድላይን አእምሮን ዝተዓደሉ እዮም። አካልዊ ህላዌ (personal) ዘለዎም ዘይሞቱ ፍጡራትን፥ እቲ ርኡይ ዝኾነ ናይ ክብሮም ነጸብራቕ ከም ዝምስክሮ ከአ ንኹሉ ዚርአ ዘበለ ፍጡር ብፍጽምንኦም ጸብለል ዚብልዎ እዮም’ (ቀ· 330)።

መላእኽቲ አብ እምነት ክርስትና እምብአር ረቀቕቲ ፍጥረት ብአምላኽ ንአገልግሎቱ ዝተፈጥሩ እዮም። ብመልክዕ ሰብ ይርአዩ ምሳና ከአ ይዋስኡ እንተ ኾነ እቲ ግዙፍ ሰውነት ግዝያዊ ኮይኑ ምስ ሰብ ተዋስእኦም ምስ ወድኡ የብቅዕ። ከም ፍጹም ረቀቕቲ ፍጥረት መላእኽቲ DNA የብሎምን እቲ ዝለብስዎ ሰውነት ዝትሓዝ ይመስል ግን ክፍሊ ናይ እቲ መልአኻዊ ባህሪ አይኮነን በዚ ኸአ ርክብሞም ምስ ፈጸሙ ይጠፍእ ምኽንያቱ ከማና ግዙፋዊ አካል አየድልዮምን እዩ። ግን ከም ፍጡራት መጠን ከማና አብ ጊዜ እዩ ህላዌኦም አምላኽ እንተ ዘይገሊጽሎም መጻኢ ነገራት አይፈልጡን እዮም።

አብ ጉባኤ ንቅያ ዝተገብረ ጸሎተ ሃይማኖት አብ እንደግሞ አብ ሓደ አምላኽ ዘሎና እምነት እናገለጽና አብ እንብሎ ናይ ኩሉ ፍጡር ፈጣሪ ናይ ዝርአን ዘይርአን ፍጡር እናበልና ንጽሊ። ዝርአ ፍጡር ማይ ፕላነታትን አየርን ከዋኽብትን ሚነራላትን አታኽልትን እንስሳን ከምኡ ሰብ ዝፈጠረ እዩ።

ናይ ዘይርአዩን ፈጣሪ እውን እዩ እዚ ነቶም ደቀቕቲ ብማይክሮስኮብ ጥርሓ ዝርአዩ ኤለክትሮማግነቲክ ዝርአዩ ዝምልከት ጥራሕ አይ ኮነን። ዘይርአዩ ፍጡራት ዝብል ንዘይርአዩ መንፈሳውያን ፍጡራት ቅዱሳት መልእኽቱ እውን የመልክት እዩ።

ቅ. መጽሓፍ ብዛዕባ ድንቂ ዝኾነ ነገራት ኽገልጽ እንከሎ ብዙሕ ጊዜ ንቅዱሳት መላእኽቲ የመልክት። አብ ነብይ ነህምያ 9፥6 ንስኻ እወ ንስኻ በይንኻ ኢኻ እግዚአብሔር ሰማይን ሰማየ ሰማያትን ኵሉ ኽዋኽብትን ፈጠርካ ምድርን አብ ልዕሊአ ዘሎ ኹሉን ባሕርን አብኡ ዘሎ ኵሉን ፈጠርካ። ነዚ ኵሉ ብሕይወት እተንብሮ ኸአ ንስኻ ኢኻ። ሠራዊት መላእኽቲ ይሰግዱልካ እናበለ ናይ መላእኽቲ ተፈጥሮን ተልእኮን ይገልጸልና።

መላእክቲ ኩሎም ሰማያውያን ፍጡራት አገልገልቲ እግዚአብሔር ብኹሉ ተግባራቶም እዮም። አብ ዓለም አብ ዝግበር ኩሉ፥ ንኹሉ አምልኾ ብዘይ ምቁራጽ፥ ካብ ሰማይ መልእክቲ አምላኽ ብምምጻእ ከምኡ ቅዱስ ግልጸት ንነፍሲ ደቂ ሰብ ብምሃብ ዘገልግሉ ፍጡራት አምላኽ እዮም።

እግዚአብሔር ንደቂ ሰብ ክሕልዉን ካብ ኩሉ ንነፍሲ ከጥፍእን ንዝደሊ ክሕሉን አብ ገለ ኩነታት እውን ካብ ግዙፈዊ ጉድአት ካይረኽቡዝሕልዉ መላእኽቲ ይሰድድ። ገለ ሰባት ክምስክርዎ ከምዝኽእሉ ካብ ክትአምኖ ዘጸግም ድንገት ክሕድኑ ዝኽአሉ ብዙሓት እዮም።

አምላኽ አብ ኵሉ ዝሕግዙና ዝሕልዉና መላእኽቲ ንዝሰድድ ክነመስግኖ አሎና፥ ብመላእኽቲ ንዝመጽእ መልእኽቲ አምላኽ ክንሰምዕ ክነድህበሉ ይግባእ። አ ሓላዊአይ መልአኽ ሓግዘኒ ምርሓኒ እናበልና ንለምን።

ኦ አብ ቅድሚ መንበር ልኡል አምላኽ እትቕመጡ መላእክቲ ጸሎትና አብ ሰመያዊ አቦና አብጽሑልና፥ ንሕና እውን ንመልእክቲ አምላክ ክንሰምዕ ልመናኹም ሓገዝኩም አይፈለየና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ።